# ሥርዓተ ቀዳም ሥዑር

1. ወይትጋብኡ ካህናት ውስተ ቤተክርስትያን ወይበኣኡ ውስተ ቤተ መቅደስ ወያንብቡ ብውርድ ንባብ መኃልየ መኃልይ። ካህንን ድያቆንን ካብ ምዕራፍ ሓደ ክሳዕ ሣልሳይ ምዕራፍ ካብ መኃልየ መኃልይ ምስ ኣንበቡ፡ "ኣመ ተንሥአ" እናበሉ ታቦት ይዑዱ። ወሕዝብኒ ከማኹ ኣመ ተንሥአ ወኣንሥአ እናበሉ ይቕበሉ።
2. ሣልሳይን ራብዓይን ግን ኣብ ቅድስቲ ኮይኖም በብምዕራፍ "ስግዱ ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዋሕድ" እናበሉ ታቦት ይዑዱ።

ሕዝቢ ከኣ "ስግዱ ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዋሕድ" እነበሉ ይቕበልዎም።

3. ካብዚ ቀጺሉ ካህን ጸሎተ ዕጣን የዕርግ። ኣልቦ ኪዳን። ወቦ እለ ይብሉ ቦ። መራሒ ዕዝል፡- ንሕነሰ ንሰብክ ክርስቶስሃ . . . ይመርሕ። ተመራሒ ይምራሕ። ብወገን የማን መራሒ ዘለው ብሕብረት ንሕነሰ ተቐቢሎም ይመርሑ። ብወገን ጸጋም መራሒ ዘለው ከኣ ይክፀሉ። ሥርዓተ ኣዘያይምኡ ከም ናይ ዓቢይ ጾም ኢዩ።
4. ድሕሪዚ ሃሌሉያ ሃሌሉያ ኢልካ ንሕነሰ ንሰብክ ክርስቶስሃ . . . ብሕብረት ይዝመም። ምልጣን፡- ወትቤ ሢኦል ኢሉ መራሂ ይመርሕ፡ ተመራሒ ይምራሕ። "መኑ ውእቱ ዝንቱ" እናበሉ ዝማሜ ይዘሙ ጸናጽል ይጽንጽሉ የምርግዱ። ቀጺሎም "ወትቤ ሢኦል" ብናኡስ ይጽንጽሉ ኣልቦ መረግድ። ከማኡ እውን እዘን ዝክፀላ ዕዝል ዜማ ማለት፡- "ምስለ ኣቡሁ፡ መድኃኒተ ኮነ፡ ሕያው ተንሥአ፡ ሢዒሮ ሞተ በሥጋ" እዚኣን ዝማምኤን ጸናጽለን መረግደን ከም ናይ "ወትቤ ሢኦል" ኢየን። ሥርዓተ ዜማኣን ግን ከማ ኣንገርጋሪ ብየማን ብጸጋም ኢዩ።
5. ዝክረ ሙታን ካህን ሊጠን "ሶበ ኣኮ እግዚኣብሔር ምስሌነ"፡ ምስ በለ ቀጺሉ በእንተ እለኖሙ ብሕብረት የብጽሑ።
6. ኣቡን፡- "ክርስቶስ በኵር" መራሒ ይመርሕ፡ ተመራሒ ይምራሕ፡ ብወገን የማን መራሒ ዘለው ብሕብረት "ክርስቶስ በኵር" ተቐቢሎም ይምርሑ; ብወገን ጸጋም

መራሒ ዘለው ከኣ ይክፀሉ። ሥርዓተ ኣዘያይማኡ ከም ናይ ዓቢይ ጾም ኢዩ።

7. ሥርዓተ መዋስእት፡- መዋስእት እንተ ተካዔሉ 12 ወይ 9 ወይ ከኣ 6 እንተወሓደ ከኣ 5 ከብጽሕ ግድነት እዩ።

8. ኣቡን፡- ክርስቶስ በኵር ብሕብረት ዝመም። ምልጣን፡- ወያሬእዮ ብርሃነ ኣመልጥን። ብሕብረት ዝመም ኣልቦ ጸናጽል።

9. ኣራራት፡- "እስመ ለዓለም ምሕረቱ" ከይበልካ፡ "ምድር ኣድለቅለቀት" መራሒ ይመርሕ። ተመራሒ ይምራሕ። ብወገን የማን መራሒ ዘለው ብሕብረት "ምድር ኣድለቅለቀት" ተቀቢሎም ይመርሑ፡ ብወገን ጸገም መራሒ ዘለው ከኣ ይክፀሉ ብሕብረት ከኣ ይዘሙ።ሥርዓተ ኣዘያይማኡ ከኣ ናይ ዓቢይ ጾም ኢዩ። ምልጣን፡- "በትንሣኤከ እግዚኦ፡ መራሒ ይመርሕ። ብሕብረት "በትንሣኤከ እግዚኦ" ዝመም።

ኣራራት፡- "ሰቀሉ ምስሌሁ" መራሒ ይመርሕ። ተመራሒ ይምራሕ፡ ብወገን የማን መራሒ ዘለው ብሕብረት "ሰቀሉ ምስሌሁ" ተቀቢሎም ይመርሑ፡ ብወገን ጸጋም መራሒ ዘለው ከኣ ይክተሉ። ብሕብረት ከኣ ይዘሙ። ሥርዓተ ኣዘያይማኡ ከም ናይ ዕቢይ ጾም ኢዩ።

10. መራሒ ውዳሴ ማርያም፡- "ሰላም ለኪ..." ኢሉ ይመርሕ ናይ ዕለቱ ውዳሴ ማርያም ብዜማ ይብጽሕ። ናይ ዕለቱ ስንክሳር ይንበብ ካልኦት መጻሕፍቲ እውን ይንበቡ።

ሥርዓት ስብከት፡- ዲያቆን ናይ ዕለቱ ምስማክ "ኣሜሃ መልኣ ፍሥሓ ኣፉነ ወትትሓሰይ ልሳንነ ኣሜሃ ይቤሉ ኣሕዛብ" ይብል። ካህን ድማ ናይ ዕለቱ ወንጌል የንብብ።

11. ወንጌል ምስተነበ ዲያቆን መስቀል ንመራሒ ይህብ። መራሒ ድማ "ኣንሰ በኣዕይንቲሁ" ብግእዝን ዕዝልን ይመርሕ። ኣልቦ ዝማሜ ወጸናጽል። መራሒ "ወለመልኣከ ሕይወትሰ" ይመርሕ። ሕጂ ግን ዝማሜ "ወለመልኣከ ሕይወትሰ" ብሕብረት ይዝመም።

ምልጣን፡- "ገብረ ሰላመ በመስቀሉ"፡ ብየማን ብጸገም ኣመልጥን። ዝመም፡ ጸንጽል ብሕብረት ኣልቦ መረግድ። ህየንተ መረግድ ኣመላልስ። ማለት "ገብረ ሰላመ በመስቀሉ" እንዳበልካ ሰቲ ዓድል። ሰቲ ምስተዓደለ፡



12. ቅዳሴ፡ "በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፡ ሚመጠን" ኢልካ ቅዳሴ እቶ። ናይ ዕለቱ ስብከት፡ ንባባት፡ ወንጌል፡ ኣኰቴተ ቊርባን ግጻዌ ተመልከት። እዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ሥርዓት ቀዳም ስዑር ኣብ ዓበይቲ ኣድባራት ናይ ዜማ መምህራን ዘለውዎ ከም ሥርዓቱ ይፍጸም።

## ኣብ ማኅሌት ክቆሙ ኣብ ዘይክእሉ ኣድባራት

መመሃራን ናይ ዜማ ስለ ዘይረክቡ፡ ብዓቅሞም ነዘን ዝስዕባ ግድነታዊ ኣገባባት ይክፀሉ።

- ቤተክርስትያን ወይባኡ ውስት ቤተ ወይትጋብኡ ካህናት ውስተ መቅደስ ወያንብቡ ብውርድ ንባብ መኃልየ መኃልይ። ካህንን ድያቆንን ካብ ምዕራፍ ሓደ ክሳዕ ሳልሳይ ምዕራፍ "ኣመ ተንሥአ" እናበሉ ታቦት ይዑዱ። ወሕዝብኒ ከማኁ "ኣመ ተንሥአ ወኣንሥአ" እናበሉ ይቅበሉ።
- ሳልሳይን ራብዓይን ግን ኣብ ቅድስቲ ኮይኖም በብምዕራፉ "ስግዱ ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዋሕድ" እናበሉ ታቦት ይዑዱ። ሕዝቢ ከኣ "ስግዱ ለኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ሥላሴ ዋሕድ" እናበሉ ይቅበልዎም።
- ካብዚ ቀጺሉ ካህን ጸሎተ ዕጣን የዕርግ። ኣልቦ ኪዳን ወቦ እለ ይብሉ ቦ። ዝክረ ሙታን ካህን ሊጦን "ሶበ ኣኮ እግዚኣብሔር ምስሌነ"፡ ምስ በለ ቀጺሉ በእንተ እለኖሙ ብሕብረት የብጽሑ።
- መራሒ ውዳሴ ማርያም፡- "ሰላም ለኪ..." ኢሉ ይመርሕ ናይ ዕለቱ ውዳሴ ማርያም ብዜማ ይብጽሕ። ናይ ዕለቱ ስንክሳር ይንበብ ካልኦት መጻሕፍቲ እውን ይንበቡ።
- ሥርዓት ስብከት፡- ዲያቆን ናይ ዕለቱ ምስማክ "ኣሜሃ መላኣ ፍሥሓ ኣፉነ ወትትሓሰይ ልሳንነ፡ ኣሜሃ ይቤሉ ኣሕዛብ" ይብል። ካህን ድማ ናይ ዕለቱ ወንጌል የንብብ።
- ወንጌል ምስተነበ ሰቲ ይዕደል።
- ሥርዓተ ቅዳሴ፡ "በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፡ ሚመጠን" ኢልካ ቅዳሴ እቶ። ናይ ዕለቱ ስብከት፡ ንባባት፡ ወንጌል፡ ኣኰቴተ ቊርባን ግጻዌ ተመልከት።